
# ደቅኹም ክታበት አክትብዎም

## ክታበት ዲፍተርያ፡ ቴታነስ፡ ፐርቱሲስን ፖልዮን ሄሞፊለስ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት ቢን ሄፓታይተስ ቢ (ክታበት dTap-HIB-HBV)







### እዚ ክታበት ካብ ምንታይ ይከላኸል

**እዚ ክታበት ካብ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝከላኸል እዩ።**

- ዲፍተርያ፦ ረኽሲ ባክተርያ ኣብ ኣፍንጫን ጎሮሮን ዘከትል ኮይኑ ጸገም ምስትንፋስ ወይ ምውሓጥ፡ ጸገም ናይ ልብን ልምሰት ኣካላትን (ምሉእ ወይ ንገለ ክፋል ኣካላት) ከስዕብ ይኽእል።
- ቴታነስ፦ እዚ ባክተርያ ንስርዓተ ነርቭ የጥቅዕ። ክትቃጻጸሮ ዘይትክእል ምጭብባጥ ጭዋዳታት ናይ ምንጋጋን ካልእ ክፍሊ ኣካላትን ብምስዓብ ጸገማት ምስትንፋስ፡ ምውሓጥን፡ ምንፍርፋርን ከመኡ ዉን ክሳብ ሞት ከስዕብ ይኽእል።
- ትክትክታ ፦ እዚ ባክተርያ ን ቱቦታት ኣየርን ሳንቡእን የጥቅዕ። ካብ ሓያሎ ሰሙናት ክሳብ ኣዋርሕ ክጸንሕ ዝኽእል ሰዓልን፡ ጸገም ምስትንፋስን ምውሓጥን፡ ከምኡውን ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ይኽእል።
- ፖልዮ፦ እዚ ቫይረስ ረኽሲ ስርዓተ ነርቭ የስዕብ። መልመስቲ ኣካላትን ክሳብ ሞትን ከስዕብ ይኽእል።
- ሄሞፊለስ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት ቢ (Hib)፦ ጸገም ምስትንፋስን መኒንጃይትስን (ረኽሲ ናይቲ ንሓንጎልን ዓንዲ ሕቖን ዝሸፍን ሸፋን) ከስዕብ ዝኽእል ረኽሲ ባክተርያ እዩ።
- ሄፓታይተስ ቢ (ወይቦ)፦ ረኽሲ ጸላም ከብዲ ዘስዕብ ቫይረስ ኮይኑ ክሳብ ሓደገኛ ጉድኣት ኣብ ጸላም ከብዲን (cirrhosis) ከምኡውን መንሽሮ ጸላም ከብዲን ከስዕብ ይኽእል።

**ነዚ ክታበት ምን ክወስድ ኣለዎ**፦ እዚ ክታበት ከም ኣካል ናይቲ ስሩዕ መደብ ክታበት ኣብ 2፣ 4ን 6ን ወርሒ ዕድመ ይወሃብ።

**እዚ ክታበት ክወስዶ ዘይብሉ መን እዩ:**
ውሳድካ ንገለ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ ምስትከዉን ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ምስወሰድደ ከቢድ ወይ ዘይልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ገርሎም ምስዝፈልጥ ነዚ ክታበት ክትወስዶ ኣይግባእን። ከምኡውን ብዝተፈላለየ ምክንያት ዝተዳከመ ስርዓተ ምክልኻል ኣካላት ምስዝህልዎ ነዚ ክታበት ክወስድ ኣይክእልን እዩ። እዚ ክበሃል ከሎ፡ መብዛሕትኦም ህጻናት ኣብ ኣልበርታ ነዚ ክታበት ክወስዱ ቡቕዓት እዮም።

**እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ:**
እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግአሉ ቦታ ምቕያሕ/ሕበጥ/ቃንዛ፣ ብኽያት፣ ድኻም፣ ቁጥዐ፣ ሰዓል፣ ሸውሃት ምጉዳል ወዘተ የጠቓልሉ። ኣብቲ መርፍእ ዝተወጋኣሉ ኣካል ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ። ንረስኒ ወይ ቃንዛ ንምቍጽጻር ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ ትኽእሉ:**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ፡
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA’s Multi-lingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ፡
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ፡
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን booking.aimga.ca ሓገዝ ንምርካብ ቆጸራ ሓዙ።

AIMGA Alberta International Medical Graduate Association

Foundation Action 4 Humanity Development

Public Health Agency of Canada
Agence de la santé publique du Canada